

**ስም ሕጹይ ፦** Alexis Mercedes Rinck (ኣሌክሲስ መርሰደስ ሪንክ)

**ስም ወፈራ፦** ኣሌክስስ ንሲያትል

**ውብ ሳይት ወፈራ፦** alexisforseattle.com

**ኣቀማምጣ ኣብ ከተማ፦** 8

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፦** 206-705-9305

ምስ'ቲ ኣብ ምድጋፍ ፖሊሲታት ሰብኣዊ ኣገልግሎታትን ህዝባዊ ጥዕናን፣ መደባት ህጹጽ ምላሽ ስእነት ገዛ ኣብ ምምራሕ፣ ከምኡውን ኣብ University of Washington (ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን) ዘሎ ቅጠባዊ ፖሊሲታትን ባጀትን ኣብ ምምእዛን ዘለኒ ተሞክሮ፣ ነቶም ክህልዉና ዘለዎም ብ ርትዓዊ ዋጋ ዝቐርቡ መንበሪ ኣባይቲ ኣብ ምስፋሕ፣ ኲላትና ዝግበኣና ድሕንነት ዘለዎ ማሕበረሰብ ክህሉ ኣብ ምግባር፣ ነቶም ኣብ ቅልውላው ዘለዉ ሰባት ንምሕጋዝ ኣብ ዝውሰድ ስጉምቲ፣ ከምኡውን ማዕርነትን ዕድላትን ንምምሕያሽ ዘኽእሉ ናይ ማሕበረሰብ ወፍሪታትን ነቲ ዘለኒ ተሞክሮ ብምጥቃም ኣድላዪ ዝኾነ ክእለት ከበርክት እዩ።

እቲ ንምግልጋል ዘለኒ ቑራጽነት ኣብቲ ሎሚ ኣብ ሲያትል ዚነብሩ ብዙሓት ሰባት ዘሕለፍዎ ብሕታዊ ተመክሮ እተመስረተ እዩ። ካብ ኣብ ዓሰርተታት ዕድመኦም ጸገማት ኣብ ምሕላፍ ዝነበሩ ወለዲ ዝተረኽብኩን፣ ምስ ኣቦሓጎይን እኖሓጎይን ዝዓበኹ እየ። ስድራ ቤተይ ዑደታት ቤት ማእሰርቲ፣ ኣደንዘዝቲ ነገራት ምውሳድ፣ ከምኡውን ግዳም ሓደር ምኻን ዜስዕቦም ስንባደ ዝፈጥሩ ኩነታት ዘጋጥሙዎም ዝነበሩ እዮም። ኣብ ማሕበረሰበይ ኣሳልጦ ንኽረክብ ዘኽኣለኒ ዕዉት ዝገበረኒ መገዲ ዝኽፈተለይ ደገፍ ብምርካበይ ዘመስግን ኮይነ፣ ኩሎም ኣብ ሲያትል ዚነብሩ መንእሰያት እውን ተመሳሳሊ ዕድላት ከም ዚረኽቡ ኽገብር እዩ ድልየተይ።

ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ ውጽኢታት ንምምጻእ ነቶም ካብ ህዝባዊ ርእይቶታት ዝሃነጽኩዎም ዘለዉኒ ኣራእያታትን ውዑይ ድልየትን ንምጥቃምን ኩሎም ተቐማጦ ሲያትል ድምጾም ክስማዕን ንምግባር ድልዊ እዩ። ሓደሽቲ ሓሳባት፣ ጒልበትን፣ መሪሕነትን ዝጠልቡ ህጹጽ ጠመተ ዘድልዮም ብድሆታት የጋጥሙና ኣለዉ። በቶም ካባኹም ዝርከቡ ቫውቸራትን ድምጽታት ምርጫን ተጠቒመ፣ ነታ ርትዓዊት፣ ተቐባሊት ጋሻን፣ ናይ ዝሓሸ መጻኢ መራሒትን ዝኾነት ሴያትል ክትህሉ ዘኽእል ጥብቅና ስጉምቲን ብምውሳድ ኣብ'ቲ ዝነበረኒ መዝገብ ጥብቅናይ ዝያዳ ኣበርኪቶ ክውስኽሉ እዩ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*



**ሽም ሕጽይቲ፦** ሳውናቲና ኣናካ ሳንቸዝ

**ሽም ወፈራ፦** ሳውናቲና ን ሲያትል

**ወብሳይት ወፈራ፦** info@saunatinaforseattle.com

**ኣብ ከተማ ትወዳደረሉ ቦታ:** 8

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፦** 803-272-8628

ብሓገዝ እቲ ጻዕራም ኣቦይ፣ ስንክልቲ ኣደይን፣ ማሕበረሰብ ጐረባብተይን እየ ኣብ ሆሊ ፓርክን የስለር ተሬስን (Holly Park and Yesler Terrace) ዓብየ፣ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ምንኣሰይ ዝኾኑ ኣሕዋተይ ኣብ ምዕባይ እሕግዝ ነበርኩ። ንትሕተ-ቅርጽን ንመደባት ከተማን ዝነበረኒ ብርቱዕ ድልየት ዘበጋገሰኒ ተመኩሮ ኣብ ህዝባዊ ኣባይቲ ምንባርን ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ ምጥቃምን ኢዩ።

ብ ሕብረት ተጉዓዝቲ ትራንዚት (Transit Riders Union) ደገፍ ብምርካበይ፣ ነቲ ጒጅለ ኣገልግሎት ናይ ኣውቶቡስን ትራንዚትን ምስ ካልኦት ብሓር እጣይሸይ እዩ። ምስ እተፈላለዩ ጒጅለታት ብሓባር ብምኳን ኣብ ጐኒ ካስኬድ ባይስክል ክለብ ብምኳን ናይ ብሽክለታን ናይ ትራንዚት ትሕተ-ቅርጺ ንምስፋሕ ሰሪሐ እየ፣ ብ ቤት ምኽሪ መተሓባባሪ ኣካረይቲ ከተማ ሴያትል (Seattle Renter Organizing Council) ኣቢለ ን ቤት ጽሕፈት መዐቀኒታት ኣካረይቲ (Seattle Renter Organizing Council) ደገፍ ሂበ እዩ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣድመጽቲ ሲያትልን ኪንግ ካውንቲን (SKC) ድማ ንዲሞክራሲ ደው ኢለ እየ።

ብዛዕባ ሕጊ ኽሓስብ ከለኹ "እቲ ሽቶ እንታይ እዩ? ጥቕሚ ዚረኽቡ እንመን እዮም? መን እዩ ተጐዲኡ?" ዝብሉ ሕቶታት ይሓትት።

ነቲ ንስድራ ቤታት ዝያዳ ኣባይቲ ንምስራሕ ሕግታት ዞን ምምሕያሽ ዝብልን ከምኡውን ምስቶም ኣቕረብቲ ኣባይቲ ብምትሕብባር ስምምዓት መሰል መንበሪ ገዛ(right-to-shelter) ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ምግባርን ዝብል I-137 እድግፍ እዩ።

ናይ ከተማ ሴያትል ነበርቲ ዝርኸቡዎ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እንከየጉደልና፣ በቶም ከም ጃምፕስታርት (Jumpstart) እናተመሓየሹ ዝኸዱ ናይ ኣታዊ ፍልፍላት ብምጥቃምን ሓደሽቲ ኣታዊ ዝመስሉ ናይ ካፒታል ትርፊ ግብሪታትን ኣብ ስራሕ ብምውዓልነቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ናይ 200 ሚልዮን ዶላር ሕጽረት ባጀት ክንፈትሖ ክንፍትን ኢና።

ኩሉ ሰብ ነቲ ናይ'ታ ከተማ ባህሊ ውሑስ ብዝኾነ ኣገባብ ክበጽሖ ምእንታን፣ ኣብ'ቶም ኣብ ፓርኪታት ዝርከቡ ከም 24/7/365 ሽቓቓት ዝበሉ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ጠመተ ገይረ ክሰርሕ እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ፡ ክፍልታት ዕዮ ዘራኽብን ንኹሉ ትኸውን ፍትሓዊት ሲያትል ንምፍጣርን ዝሕግዝ ናይ ምትሕብባርን፡ ኣብ ዝርዝር ዝቐንዐ ኣተሓሳስባ ከምጽእ'የ።

*እዛ ሕጽይቲ እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ስም ሕጹይ፦** Tanya Woo

**ስም ጎስጓስ፦** መሓዙት Tanya Woo

**ናይ ወፍሪ ባይታ መርበብ፦** tanyawooforseattle.com

**ናይ ከተማ ክፉት መዝነት፦** 8

**ናይ ወፍሪ ቁፅሪ ቴሌፎን፦** 206-657-6679

ሄሎ! ኣነ Tanya Woo እየ፣ ከም ኣባል ቤት ምኽሪ ከተማ Seattle ኮይነ ክሰርሕ ምኽኣለይ የኽብረኒ።

Seattle ናይ ምሉእ ዕድመይ ገዛይ እያ። ስድራይ ብ1887 ናብዚ ተሰዲዶም፣ ኣነ ድማ ኣብ ቢኮን ሂል(Beacon Hill) እየ ዓብየ። ሎሚ ኣብ ሬይነር ቢች(Rainier Beach) እየ ዝነብር፡ ኣብ ማሕበረሰብ ቻይናታውን/ዓለምለኻዊ ዲስትሪክት ድማ ብዕምቆት እሳተፍ። ስራሐይ ኣብ Seattle ኣብ ዝወሰደኒ ቦታ፡ ሓደ ሃረርታ ሓደ እዩ ኮይኑ ጸኒሑ፡ ድምጺ ናይቶም ተቓላዕቲ ምልዓል እዩ።

እቲ ዘሕዝን ግን ንነዊሕ ዓመታት፡ መሪሕነት Seattle ነቶም ኣዝዮም ድኻታት ሸለል ኢልዎም እዩ። ገበን ኣብተን ትሑት እቶት ዘለወን ከባቢታትና ብብዝሒ ይፍጠር፡ እቲ ዘይተቖጻጸረ ለበዳ ፈንታኒል ድማ ኣብቶም መንበሪ ዘይብሎም ጎረባብትና ህይወት ይወስድ። ከም ኣባል ቤት ምኽሪ መጠን፡ ንተረጋገጹ መፍትሒታት ቀዳምነት ሂበ ገንዘብ ክምዝገብን ናይ ፈለማ ምላሽ ዝህቡ ሰራሕተኛታትና፡ እንተላይ ናይ ጥዕና ጉጅለታትን ኣኽበርቲ ሕግን፡ ምሉእ ዓቕሚ ከምዘለዎም ከረጋግጽን እየ።

ዝተሓላለኹ ጉዳያት ግብራዊ መፍትሒ የድልዮም እዩ። ካብ መሪሕነት ናይ ማሕበረሰብ ሓለዋ ጉዕዞታት ክሳብ ኣንጻር ዓሌታዊ ኣድልዎ ምውዳብ፡ ናይ ሰራሕተኛታት መንበሪ ገዛ ምህናጽ፡ ከምኡውን ኣብ ጎደናታት ናርካን ምሃብ፡ ቀጥታዊ ስጉምቲ ወሲደ ኣለኹ። ንስኹም ርህሩህ፡ ግብረ-መልሲ ዘለዎ፡ ንተጋዳላይ ማሕበረ-ሰባትና ዝርድእ ጻዕረኛ መሪሕነት ትግብሩ። መዓልታዊ፡ ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ ግብራዊ መፍትሒታት ንምምጻእ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ንተወከልትና ዝኣተኽዎ መብጽዓ ንምፍጻም እጽዕር።

ኣነ Tanya Woo እየ፣ ንድምጽኹምን ንሻውቸርኩምን ድማ ብትሕትና ይሓትት ኣለኹ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት ኣብ መደብ ዲሞክረሲ ቮቸር (Democracy Voucher Program) ተሳታፊት ኢያ።*



**ስም ሕጹይ፡-** Tariq Yusuf (ታሪቕ ዩሱፍ)

**ስም ወፈራ፡-** ታሪቕ ንቤት ምኽሪ

**ውብሳይት ወፈራ፡-** tariqforcouncil.org

**ኣቀማምጣ ኣብ ከተማ፡-** 8

**ቍጽሪ ተሌፎን ወፈራ፡-** 206-395-9356

ዛንታይ ዛንታ ሲያትል እዩ። ካብ ኢንዶነዥያዊ ኣቦን ኣመሪካዊት ኣደን ተወሊደ፣ ኣብ'ተን ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ለውጢን ዕብየትን ናይ'ዚ ዞባ ርእየ እየ። ወለደይ ኣብ ከም ብዓል ስልጣን መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (Seattle Housing Authority) ዝኣመሰሉ ወሳንቲ ማሕበረሰባዊ መደባት መንግስትን ከተማን እዮም ዚምርኰሱ ነይሮም። ግዳም ሓደር ካብ ምዃን ክንድሕንን ዕዉት ህይወት ንኽንሃንጽን ሓጊዞምና እዮም። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን (University of Washington) ትምህርተይ ክውድእ፣ ኣብ ኢንዱስትሪ ተክኖሎጂ ዕዉት ሞያ ኽመርሕ፣ ናይ ገዛእ ርእሰይ ስድራ ቤት ከኣ ክጅምር ክኢለ። ወለደይ ብዙሕ እኳ ኣብ ሂወት እንተ ተቓለሱ፣ ርህራሀ፣ ሓልዮት፣ ፍትሕን ከም ዚህልወኒ ገይሮም እዮም ኣዕብዮምኒ፣ ነዞም ክብሪታት ድማ ናብ ቤት ምኽሪ ከተማ ከምጽኦ ተስፋ እገብር።

እቲ ናይ ኣመሪካ ሕልመይ ክብጻሕ ዝኽእል እዩ ነይሩ፣ እንተኾነ ግን እዚ ጕዕዞ እዚ ነዞም ሎሚ ዘለዉ ስድራቤታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣጸጋሚ እንዳኾነ ይኸይድ ኣሎ። እቶም ንታሪኸይ ከም ዚበጽሕ ዝገበሩኒ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ሕጂ ብቐሊሉ ኣይርከብቡን እዮም። ነዚ ክቕይሮ ድልየት ኣለኒ።

ናይ ከተማ መንግስቲ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ፣ ኣባል ቤት ምኽሪ ከተማ ስለ ዝኾንኩ፣ ንኸም ወለደይ ዝኣመሰሉ ግዳይ ስእነት ገዛ ንምዃን ምስኣን ሓንቲ ናይ ክፍሊት ቼክ ዝቐርዮም ሰባት ክጣበቐሎም መደብ አውጺአ እየ። ብዘይንሕስያ ንማዕርነትን፣ ፍትሕን፣ ርህራሀን ብምጥባቕ፣ ነቶም ኣብ ሕብረተሰብ ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ብምሕጋዝ፣ ከምኡውን ሓድነት ዘለዎ ማሕበረሰብ ምእንቲ ኽንሃንጽ ንኹሉ ሰብ ብምሕጋዝ ነዛ ኸተማ መሊሰ ከበርክተላ መደብ ኣሎኒ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*